# ክታበት ዳግመሕደሳ ንልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም

## ኩሎም እቶም ልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም ክታበት ኮሮና ዳግመሕደሳ ንክኽተቡ ዕድል ክወሃቦም ኢዩ። እዚ ብመንግስቲ ዝተወሰነ ኢዩ። ሰራሕተኛታት ሰብ ሞያ ጥዕና እውን ክታበት ዳግመሕደሳ ንክወስዱ ዕድል ንክወሃቦም ብዝብል ትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI) ንክግምግሞ ከም ዕማም ተዋሂብዎ ኣሎ።

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት መድሃኒት ኤውሮጳ/EMA ንመዳይ ክትበት ዳግመሕደሳ ብክታበት ቢዮንንቴክ-ፋይዘር/BioNTech-Pfizer ንክወሃብ ክግምግሞ ብምጽንሑ ካብ 18 ንላዕሊ ዝዕድሚኦምን ካልኣይ ክትበት መርፍእ ድሕሪ ምውሳዶም እንተወሓደ ሽድሽተ ኣዋርሕ ዘሕለፉን ዘደራርዕ መርፍእ ክታበት ንክኽተቡ ክግምገሙ ይከኣል ኢዩ ክብል ብዕለት 4 ጥቅምቲ ድምደማኡ ኣቕሪቡ።

–ኣብ ክሊ ዕድመ ሽማግለታት ህዝብና ዘሎ ዓቕሚ ብዩንነት ከበድቲ ሕማማት እናተዳኸመ ይመጽእ ከም ዘሎ ትምባሀታት ኣሎ። ንሽማግለታት ክታበት ዳግመሕደሳ ምኽታብ ካብ ከበድቲ ሕማማት ከምኒ ኮቪድ-19 ንከይሓሙ ንምክልኻል ኰይኑ፡ ካብ ሓደስቲ ዓይነታት ቫይረሳት ብልዑል ደረጃ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ክብ ንኽብለሎምን ዕድሚኡ ንምንዋሕን ኢዩ እቲ ዕላማ ብምባል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ ይሕብር።

ንኣከታትባ ቅድመተኸተል ብዝምልከት ምኽሪ ትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI) ክታበት ዳግመሕደሳ እውን ሕደ ከም ናይ መባእታዊ ክትበት ዝተኸተልናዮ ቅድመተኸተል በብዕድመ ንክንኸተል ዝብል ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ብቐዳምነት ንክኽተቡ ዕድል ዝወሃቦም ኣብ ቤተመእለዪ ሕሙማን ንዝቕመጡን ኩሎም ልዕሊ 85 ዝዕድሚኦምን ኰይኖም፡ ብድሕሪኦም ዝስዕቡ ኣብ ክሊ ዕድመታት ካብ 75 ክሳብ 84ን ካብ 65 ክሳብ 74ን ዘለውን ኢዮም።

## ክታበት ኢንፍሉዌንዛ

ንኡሳን ዞባታትና ዝኣክል ዓቕሚ ክትበት ኣለወን፡ መርፍእ ክታበት ዳግመሕደሳ ንኽትባ ድማ ንክዳላለዋሉ ተሓቲተን ኣለዋ። ኣብዘን ዝስዕባ ሳምንታት ጸረ ወቕታዊ ክታበት-ኢንፍሉዌንዛ ንምኽታብ ዓቕማዊ ብድሆታት ምስ ዝፈጥረለን ብኸምዚ ዝስዕብ ቅድመተኸተል ኣቀዳዲመን ክኸታትባ ኣለወን፡

1. ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ንዘይተኸተቡ
2. ካልኣይ መርፍእ ክታበት ነቶም ሓንቲ መርፍእ ክታበት ጥራይ ተኸቲቦም ንዝጸንሑ
3. ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ነቶም ስርዓተ-ብያነኦም ዝተዳኸመ
4. ወቕታዊ ክታበት-ኢንፍሉዌንዛ

5. ኣብ ቤተመእለዩ ሕሙማን ንዝቕመጡን ኩሎም ልዕሊ 85 ዝዕድሚኦምን ክታበት ዳግመሕደሳ ይኸትባ

–ክትበት ዳግመሕደሳ ጸረ ኮቪድ-19 ብወጽዓ ክታበት-ኢንፍሉዌንዛ ክወሃብ የብሉን። ኣብዚ ዘለናዮ ወቕቲ ሓያል ባርዕ ኢንፍሉዌንዛ ክኸሰት ትጽቢት ነሕድር ብምህላውና ክታበት-ኢንፍሉዌንዛ ምኽታብ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ኢዩ። ሽማግለታት ኢንፍሉዌንዛ ንክትብርትዖም ዘሎ ስግኣት ጉልብት ዝበለ ከም ምዃኑ ቤንት ሀይየ ብወገኑ የመልክተልና።

ክታበት-ኢንፍሉዌንዛን ክታበት ኮሮናን ብሓንሳብ ንክውሰድ ትካል ህዝባዊ ጥዕና/FHI ዝድግፎ ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ክልቲኦን ክታበት ናይ ሓደ ሰሙን ጋግ ግዜ ክህሉ ድማ ይግባእ።

## እምብዛ ልዑል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የውህብ

እተን ኣብ ውጥን ክትበት ሃገረ ኖርወይ ተኣታትየን ዘለዋ ዓይነታት ክታበታት ካብ ከቢድ ረኽሳዊ ሕማም ቫይረስ ኮሮና እምብዛ ልዑል ናይ ምክልኻል ዓቅሚ ዘውህባ ክታበታት ኢየን፡ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብቶም ኣብ ልዕሊ ክሊ ዕድመ 18 ዘለው ምሉእ ብምሉእ ተኸቲቦም ኢዮም። ኣብ ክሊ ዕድመ 12ን ካብኡ ንላዕልን ዝዕድሚኦምን ጉጅለታት ንምኽታብ ዘሎ መስርሕ ይቕጽል ኢዩ ዘሎ። ከቢድ ጥልመት ዓቕሚ ብዩንነት ንዘለዎም ሰባት ከኣ ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ንክኽተቡ ድሮ ዕድል ተዋሂብዎም ኣሎ።

ቀረብ ሽፈነ ክታበታት ዘሰክፍ ኣይኮነን። ምኽታብ ክታበት ዳግመሕደሳ ጸኒሑ ምኽታብ ክታበት-ኢንፍሉዌንዛ ምስ ኣብቅዐ ኣብ ምስግጋር ኣዋርሕ ጥቅምትን ሕዳርን ዘሎ እዋን እዩ ክጀማመር። እቶም ዝተፈላለዩ ጉጅለታት መዓስ ተኸቲቦም ይውድኡ ንዝብል ድማ ከካብ ንኡስ ዞባ ይፈላለዩ ኢዩ።

–ሓንቲ ንኡስ ዞባ ንሓደ ጉጅለ ክሊ ዕድመ ከቲባ ምስ ወደኣት መዓስ ናብቶም ዝስዕቡ ጉጅለታት ትሰጋገር ንዝብል ኣሳልጦ መስርሕ ክትበት ነናይ ነፍሰወከፍ ንኡስ ዞባ ድኣ እምበር ብሃገራውያን ውሳኔታት ዝቕየድ ኣይኮነን ይብል ሚኒስተር ሀይየ።

ብዙሓት ሃገራት ክታበት ዳግመሕደሳ ክኸትባ ጀሚረን ኣለዋ። 3,2 እስራኤላውያን ብኣደራርዒ መርፍእ ክታበት ተኸቲቦም ኣለው። ሃገረ ደንማርክ ንተቐማጦ ቤተሕሙማን ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ክትኸትብ ጀሚራ ኣላ፡ ንሽማግለታትን ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ጉጅለታትን ንክኽትቡ እውን ይሓስብሉ ኣለው። ሃገረ ሽወደን ንልዕሊ 80 ዝዕድሚኦምን ንተቐማጦ ቤተሕሙማንን ዝኾኑ ኢያ ብክታበት ዳግመሕደሳ ንክኽተቡ ምኽራ ትልግስ ዘላ።

## 31 ሚልዮን መራፍእ ክታበታት ንካልኦት ሃገራት

ኖርወይ ሓንቲ ካብተን ብዓለምለኻዊ ደረጃ ብመንገዲ ACT A (Access to Covid-19 Tools Accelerator)ን ብኪዳን-Covaxን ክታበታት ብብዝሒ ንክፈርን ዝርግሐ ምውፋር ክታበት ንክሰፍሕን ክትደራርኽ

ዝጸንሐት ሃገር ኢያ። ብመንገዲ ምትሕብባር ዕድጊ ኤውሮጳ ንዝተረኸበ ክታበታት ንካልኦት ንምዕዳል እውን ብንጡፍ ክትዓየሉ ጸኒሓ ኢያ፡ ንኣባላት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረትን ንሽማግለ ኤውሮጳን ውዕላት ዕደላ ክታበት ንካልኦት ሃገራት ዝምልከት ንሙቛም ክተሓባበርዎም ዝኽእሉ ኮሚስየነ-ምሕደራዊ መምርሕያ ሕጊ እውን ከተመስርት ክኢላ ኣላ።

–ሳላ ሓገዝ ፍልጠት ሞያዊ ሕጊ ኖርወይ ምስ ትካል ኣፍራዪ ክታበት ያንሰንን ረዲኤታዊ ተቖዋም Gaviን ሓደ ውዕል ክእቶ ተኻኢሉ ኣሎ። ብመሰረት እቲ ውዕል ድማ ኖርወይ ኣብ ዝቕጽላ ኣዋርሕ 3 ሚልዮን መራፍእ ክታበታት ያንሰን ብመገዲ ኪዳን-Covax ክትሰድድ ክትክእል ኢያ ክብል የበስር ሀይየ።

ብኖርወይ ንካልኦት ሃገራት ዝብርከት መራፍእ ክታበታት ብድምር 31 ሚልዮን ይኾውን ኣሎ።

–ክልተ ነገራት ብሓንሳእ ምምላእ ይከኣል ኢዩ። ህዝብና እናተኸላኸልናሉ፡ ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ንመላእ ህዝቢ ዓለም ክታበታት ንክበጽሖ እጃምና ከነበርክት ንኽእል ኢና። ንሽማግለታትና ንምኽታብ ዝኾውን እኹል ዝተኸዘነ ክታበት ዳግመሕደሳ ኣለና። ኣብ ዝቕጽል ካብቲ ዘድልየና ንላዕሊ ብዝሒ ክታበታት ንክይንቕበል ኢዩ ዕላማና ብምባል ሓሳቡ የሰምረልና ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ክታበት ዳግመሕደሳ ንክትኽተብ ሕራይ ምባል ንወረቐት ምስክር ኮሮና ዝኾነ ይኹን ዘሕድረሉ ሳዕቤን ኣይክህሉን ኢዩ። ነቶም ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ብሰንኪ ድኽመት ዓቕሚ ብዩንነቶምን ኣደራራዒ ክታበት ዝወስዱን ኣብቲ ወረቐት ምስክሮም ዛጊት ብኽምዚ ዝስዕብ ኢዩ ክምዝገበሎም፡ 3 ካብ 2 (መርፍእ ክታበት ቁ. 3 ካብ 2/dose nr. 3 av 2)።

## ተወሳኺ ክታበት ንክታበት ያንሰን ዝተኸተቡ

ነቶም ቅድሚ ሕጂ ሓደ ክታበት ያንሰን ጥራሕ ተኸቲቦም ንዝነበሩ ሰባት ክታበት-mRNA ዝሓዘሉ ክታበት ዳግመሕደሳ ክኽተቡ ኣለዎም ዝብል ብትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI) ዝተለገሰ ምኽሪ ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ብምኽባር ንክኽተሎ ወሲኑ ኣሎ። ክታበት ያንሰን ብሓደ መርፍእ ክታበት ጥራሕ ክውሰድ ዝጸንሐ ዓይነት ክታበት ኢዩ።

–ሓደ መርፍእ ክታበት ያንሰን ምውሳድ ከም ምሉእ ክቖጻር ብምጽንሑ፡ ካብ ረኽስን ሕማም ኮሮናን ንምክልኻል ዘጥርዮ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ምስ ክልተ መራፍእ ክታበታት- mRNA ክነጻጸር እንከሎ ገለ ትሕት ዝበለ ኢዩ። ስለዚ ድማ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ክብ ንምባል ምኽሪ ትካል ህዝባዊ ጥዕና ሓደ መርፍእ ክታበት- mRNA ክውሰድ ከም ዘለዎ ኢዩ። እቶም ተወሳኺ ክታበት- mRNA ክወስዱ ዝደልዩ ሰባት ንዝምልከቶም ኣካላት ክትበት ንኡስ ዞባኦም ክውክስዎም ይኽእሉ ኢዮም ይብል ምኒስተር ሀየይ። ብመሰረት ሃገራዊ መዝገብ ክትበት ኖርወይ/SYSVAK ኣብ ኖርወይ ክታበት-ያንሰን ዝተኸተቡ ምዝጉባት ልዕሊ 4000 ኣለው።

**ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ኣምራት ትርጉመን ከምዚ ዝስዕብ ይኾውን፡**

| | |
|---|---|
| ሳልሳይ መርፍእ ክታበት | ክቢድ ጥልመት ብዩንነት ዘለዎም ሰባት ኲይኖም ክልተ መራፍእ ክታበታት ተኸቲቦም ክነሶም፡ ኣድማዕነት ክልቲኦም ክታበታት ተዳኺሙ ኢዩ ተባሂሉ ተወሳኺ መርፍእ ክታበት ይኽተቡ። |
| መርፍእ ክታበት ዳግመሕደሳ | ክልተ መራፍእ ክታበታት ብምውሳድ ንከድምዓሎም ትጽቢት ዝሕደረሎም ሰባት ክወሃብ ይከኣል። በቶም ክታበታት ዘጥረይዎ ኣድማዕነት ንምዕቃብ ተወሳኺ መርፍእ ክታበት ይኽተቡ። |
| ዘደራርዕ መርፍእ ክታበት | መርፍእ ክታበት ዳግመሕደሳ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ኢዩ። |